# ሕንቅሕንቅሊተይ።

1 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ከይሰዋልካያ ስቕልቲ፡ ከይሓጸብካያ ሕጽብቲ ፍሰጠለይ።

2 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ጉድ መጸ፣ ተኣምራት ወጸ፣ ካብ መሮር እንቋቑሖ ወጸ ፍሰጠለይ።

3 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ኣብ ባዓቲ ሰለይ ትብል ፍሰጠለይ።

4 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ንእሽቶይ ጽልዎ ናብ ጎቦ ጠቢዎ ፍሰጠለይ።

5 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
እታ ሓንቲ ንኺድ ንኺድ ትብል፤
እታ ሓንቲ ነሳፍሕ ነሳፍሕ ትብል፤
እታ ሓንቲ ነጽልል ነጽልል ትብል ፍሰጠለይ።

6 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ዲግ መናዲግ፣ ሰስ መላሰስ፣ ቅርና ሰማይ ዚጠቅስ፣
ጭርሖ ምድሪ ዝሕብስ ፍሰጠለይ።

7 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ጸሊም ወጠጦ፣ ገረብ ዘይሕንጥጦ ፍሰጠለይ።

8 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ኣርባዕተ ዝንግሪር ተደፊኤን ኣፈን ፍሰጠለይ።

9 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ተዓጢዎ ጅንግርግር ትብል ፍሰጠለይ።

10 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ብላዕልን ሞሶብ፣ ብታሕትን ሞሶብ፣
ኣብ ማእከሉ ዘለዎ ኵርምራም ፍሰጠለይ።

11 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ብላዕልን ቅጻዕ፣ ብታሕትን ቅጻዕ፣
ኣብ ማእከሰን ዘሳ ጓል መዋጻዕ ፍሰጠለይ።

12 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ብታሕትን መሬት፣ ብላዕልን መሬት፣
ኣብ ማእኸለን ዘላ ጓል ዓሌት ፍሰጠለይ።

13 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ከይድ ውዒላ ኣብ ርባ ትሕረድ ፍሰጠለይ።

14 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ሕርስ ውዒላ ጸብሪ ዘይትጽየቑ ፍሰጠለይ።

15 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ሰሰናይተይ።
ኣብ ድሕሪ ቤት ነይዳ፣ ሓርኺ እትዋርፍ ፍሰጠለይ።

16 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣፍ ዘይብላ ጎሾ ፍለጠለይ።
17 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኪወፍራ ደንቢታት፣ ኰኣትዋ ቀራናታት ፍለጠለይ።
18 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ብጽሓይኒ ኣትበቁል፣ ብማይኒ ኣትዕጸድ ፍለጠለይ።
19 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኪይድ ውዒላ፡ ኣብ ርባ ኣተዕርፍ ፍለጠለይ።
20 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
መዓልትን ኣትስለም፣ ለይትን ኣትቖንጠዋ ፍለጠለይ።
21 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ለይትን ኣትስለም፣ ለይትን ኣትቖንጢጥ ፍለጠለይ።
22 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ደርቢ ኻያ ርባ ዘይትሳገር ፍለጠለይ።
23 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ሰብኒ ዚሰርሓ፡ ሰብኒ ዘይድይባ ፍለጠለይ።
24 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
መደያይቦ ዘላታ፡ ሰብኒ ዘይድይባ ፍለጠለይ።
25 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ሰብ ፈረሱ፣ ምራን ልጓሙ ፍለጠለይ።
26 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣዳሪራ ኣትሰቀል ፍለጠለይ።
27 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ቀሚሻ እንተውጽኣት ኣትጽብቐ፣
ቀሚሻ እንተተኸድነት ኣትኸፍእ ፍለጠለይ።
28 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ጸሊም ጉበዝ ኣብ መንገዲ ኪኸይድ ዚውዕል ፍለጠለይ።
29 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኰትኩዶን ኣትኸፍእ፣ ኰትዓርቓ ኣትጽብቓ ፍለጠለይ።
30 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ታሕታ ዘንጊ ላዕሊ ወርቂ ፍለጠለይ።
31 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ቀድሚ ጉ ይትኣ ኣትኽደን ፍለጠለይ።
32 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ሱራን ንላዕሊ፣ ጉምቦኣን ንታሕቲ ፍለጠለይ።
33 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣባ ጃዊ ሰለፉ ሃሪሙ ዘእዊ ፍለጠለይ።
34 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ምልሶን ኣትመስል፣ ክንድ ምልሶን ዘይትኣኽል ፍለጠለይ።

35 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ንኹሉ እትኸድን ገረብ ፍለጠለይ።
36 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣናቝውኣ ኣናቝዋ ኣምበሳ፣ ኣጸውራኣ ኣጸውራ ሬሳ ፍለጠለይ።
37 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ጸሊም ብዕራይ ክይድ ዝውዕል ናብ ቀላይ ፍለጠለይ።
38 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ዒሕ ዘይትብል ኣድጊ ፍለጠለይ።
39 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ትሕቲ ምድሪ ኰ ይኑ ዚንቁ ጸሊም ብዕራይ ፍለጠለይ።
40 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ሕጽብ ውዒልካ ዘይትሞይሕ ፍለጠለይ።
41 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ብላዕልን መሶብ፣ ብታሕትን መሶብ፣
ኣብ ማእከለን ዘላ ሓይሊ ስብ ፍለጠለይ።
42 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ቤት ዓጽያ እትሰራሰር ፍለጠለይ።
43 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ክይድ ውዒሉ ርባ ዘይሳገር ፍለጠለይ።
44 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ንእሽቶ ፈላሲት ተማላኺሲት ፍለጠለይ።
45 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ቀይሕ ወዲ መንጸርጸሪ ፍለጠለይ።
46 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ቀይሕ ወዲ ገዛ ገዛ ዚውዕል ፍለጠለይ።
47 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ጸሊም ወዲ ገዛ ገዛ ዚውዕል ፍለጠለይ።
48 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣደይ ምዕይ ኣቝፍጨን ዝጉያ ፍለጠለይ።
49 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ገሔ ዝኽደና ክም ጓል ባሕሪ ፍለጠለይ።
50 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ውገጢ ውገጢ ክይድ ዝውዕል ፍለጠለይ።
51 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኣብ ገምገም ጸድፊ ሒደት ቀሸም ፍለጠለይ።
52 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ዓውድን እትመስል፣ ክንዲ ዓውድን ዘይትኸውን ፍለጠለይ።
53 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስሰናይተይ።
ኳኹኒ እትመስል፣ ክንዲ ኳኹኒ ዘይትኸውን ፍለጠለይ።

54 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ዕንጹ ምስ ጽፍሩ ፍለጠለይ።

55 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ኣባ ዝዕንድፍ፣ ብኾቶ ዚነድፍ ፍለጠለይ።

56 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ነዋሕ ዘንጊ ጽላሎት ዘይብላ ፍለጠለይ።

57 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ክትበልዕ ሓዲራ እትጽዕዱ ፍለጠለይ።

58 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ዓይበትኒ እትመስል፣
ክንዲ ዓይበትን ዘይትኣክል ፍለጠለይ።

59 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ንሳ ቀያሕ፣ ደቃ ጸዓዱ ፍለጠለይ።

60 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ዋልታ እናገተረ፣ ኵናት እናወርወረ፣
ሾብሎ እናውደቐ ፍለጠለይ።

61 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ኣቦ ጸዋር፣ ደቁ ደቂ ጸወርቲ ስንቂ ፍለጠለይ።

62 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ንእኩቶ ቁልዓ ምስ ጭሕሙ ፍለጠለይ።

63 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ንእኩቶ ጽንጽያ ምስ ዱንኡ ፍለጠለይ።

64 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ሞሶብ እትመስል፣ ክንዲ ሞሶብ ዘይትኣክል ፍለጠለይ።

65 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ምስላ ምስሊ በጊዕ፣ ኣካያይድኣ ዡብድዕድዕ ፍለጠለይ።

66 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
እግሩ ማዓር፣ ርእሳ ወርቂ ፍለጠለይ።

67 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ቁሞታ ቁሞት ምሴ፣ ዋጋኣ ዋጋ ለጋዕ ፍለጠለይ።

68 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ጻዕዳ ብዕራይኒ ጸሊም ብዕራይኒ ተባኣሱ፣
ጻዕዳ ብዕራይ ሳዓር ፍለጠለይ።

69 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ጸሊም ብዕራይ ቀድም ወፈረ፣
ጻዕዳ ብዕራይ ድሕሪት ወፈረ፣
ጻዕዳ ብዕራይ ቀዲምዎ ኣተወ ፍለጠለይ።

70 ሕንቅሕንቅሊተይ፣ ሰሰናይተይ።
ክልተ ገዛሉ ሓደ ገጨንፈራ ፍለጠለይ።

71 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ሰሰስተ ዝምርኩሳ፡ ግህንብ ዝነብሳ፡
ጥዑም ዝከርሳ ፍለጠለይ።
72 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ኣርባዕተን ዝእግራ፡ ሽሕኒ ዝዓይና ፍለጠለይ።
73 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ክይድ ውዒላ፡ ክይድ ሓዲራ ዘይትደክም ፍለጠለይ።
74 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ንዓቢ ንእሽቶ ዜውድቕ ፍለጠለይ።
75 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ሓደ ዝሑራ፡ ዓሰርተ ክልተ ዝጨንፈራ፡
ሳላሳ ሳላሳ ዝፍሪኣ ፍለጠለይ።
76 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ሽሕኒ ተኸተርቲ፡ ክልተን ክተርቲ ፍለጠለይ።
77 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ጠጥሪሑን ንቐድሚት፡
ደድኹሙን ንድሕሪት እትጥሕን ፍለጠለይ።
78 ሕንቅሕንቅሊተይ፡ ስስናይተይ።
ክይስሓልካያ ስሕልቲ ፍለጠለይ።

## ምላሽ ንሕንቅሕንቅሊተይ።

1 ምልዖ።
2 ጡዋ።
3 መልሓስ።
4 እዝኒ።
5 እታ ንኺድ ንኺድ እትብል፣ ውሕጅ።
እታ ነሳፍሕ ነሳፍሕ እትብል፣ ሮማዲ።
እታ ነጽልል ነጽልል እትብል፣ ጠስሚ።
6 ላም።
7 ንሂጉ።
8 ኣዋባት ላም።
9 መፍተል
10 ሰማይኒ ምድርን ሰብኒ እዩ።
11 ሲፍ።
12 ጣይታ።
13 ጽብጦ።
14 መርፍእ።
15 ኣድጊ።
16 እንቋቑሖ።
17 ሰብ ኣዕጸው።
18 ርእሲ።
19 ሳእኒ።
20 ዕዳጋ።
21 ሰማይ።
22 ክንቲት ደርሆ።
23 ኩናት።
24 መሸላ።
25 ዕትሮ።
26 ሞሶብ።
27 ኰዕንቲ።
28 ጸጸ።
29 ምድር ቤት።
30 መሸላ።
31 መፍተል።
32 ጭራ ላም።
33 ኣርሓ ደርሆ።
34 ብርስን።



35 ጡዋ።
36 ነፍጢ።
37 ዓለቕቲ።
38 መደብ።
39 ማሕረሽ።
40 መቑሎ።
41 እንጌራ።
42 ጥጥቕ።
43 ጸጸ።
44 በርበረ ገርባ።
45 እንጣጢዕ
46 ሓዊ።
47 መቑሎ።
48 ዕንቅርቢት።
49 ዕፉን።
50 ማሕረሽ።
51 ቀርኒብ ዓይኒ።
52 ወርሒ።
53 ንሂጉ።
54 ኪኹቶ።
55 እምኒ።
56 መገዲ።
57 መዋሓን።
58 ፋንድያ ኣድጊ።
59 ቃንዋሽ።
60 ዱባ።
61 ናሕሲ።
62 ቡቑሊ።
63 ጽንጽያ።
64 ዋፍሒ።
65 ማንቲስ።
66 መሸላ።
67 መጽሓፍ።
68 ጸባን ማይን
69 ንጻጉሳ ስገም ቀዲምዎ።
70 ወረጦ።
71 ቁራዕ።
72 ዓራት
73 ውሕጅ።
74 ማሕጸ ንገረብ።
75 ዓመት።
76 መዋሓንኒ እኽልን።
77 መድሃጽ።
78 እሾኽ።